ዕለት፣- 21-7-2012

ናብ፣- ሚኒስትሪ ዜና
ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ /መደባት ስፖርት/

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰኪዔት ኤርትራ ከም ኣካል ናይቲ ሞያዊ ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብ ኩዕሶ ሰኪዔት ንምሕያል ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፣ ምስ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራን ኣህጉራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ ሰኪዔት ኤርትራን ብምትሕብባር ካብ 10-20 ሓምለ 2012 መባእታዊ ስልጠና ኣብ ኣስመራ ሂቡ።

ኣብቲ ብኬንያዊ ኢንስትራክተር ኩዕሶ ሰኪዔት ( Fiba ) ሚስተር ሳሙኤል ዋንጆሂ ዝተዋህበ መባእታዊ ( Level- 1 ) ካብ ዞባታትን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ከምኡ'ውን ካብ ፌደረሽን ኩዕሶ-ሰኪዔት ዝተዋጽኡ ስልጠና ገዳይም ተጻወትቲ፣ ኣቓዲሞም መባእታዊ ስልጠና ዘይወሰዱን ቅድሚ ሕጂ ናይ ሚኒ ባስኬት-ቦል ስልጠና ዝወሰዱን ሰልጠንቲ'ዮም ተሳቲፎሞ።

ኣብ መዛዘሚ'ቲ ስልጠና ዝተረኽበ ፕረዚደንት ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ኣቶ መሓሪ ተስፋይ ንሰልጠንቲ ዝተዳለወሎም ምስክር-ወረቐት ድሕሪ ምዕዳሉ ኣብ ዝሃቦ ለበዋ ሰልጠንቲ ነቲ ዝወሰድዎ መባእታዊ ስልጠናታት ጸወታ ኩዕሶ-ሰኪዔት ኣብ ቀጻሊ ናብ ናይ ስራሕ ቦታኦም ምስተመለሱ ብግብራዊ ስራሕ ከማዕብልዎን ናብ ካልኦት ተካእቲ ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ምስግጋር ብዝለዓለ ክሰርሑሉን ተላብዩ።

ዓወት ንሓፋሽ !

ህዝባዊ ርክባት
ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ

ዕለት፣- 21-7-2012

ናብ፣- ሚኒስትሪ ዜና

ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ /መደባት ስፖርት/

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ሽዱሽተ ሕሩያት ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ መንእሰያት ትሕቲ 17 ዓመት ዞባታት ሃገርና ዝሳተፉአ ዓመታዊ ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ካብ 23-31 ሓምለ 2012 ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክካይድ'ዩ።

እቲ ሃገራዊ ውድድር 23፣25፣27፣29 ከምኡ'ውን 31 ሓምለ 2012 ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ካብ ሰዓት 8፣00 ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ድማ ካብ ሰዓት 2፣00 ጀሚሩ'ዩ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክካየድ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ነዚ ኣብ መንጎ ተወዳደርቲ ዞባታት ልዑል ናይ ምውድዳር መንፈስ ክንጸባረቕ ትጽቢት ዝግበረሉ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት መንእሰያት ውድድር ኩሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ኣብ ስታድዩም ተረኺቡ ንኽከታተሎ ከም ወትሩ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ዕለታዊ ሽፋነ ረኺቡ ክቃላሕ ናይ ወትሩ ምትሕብባርኩም ንሓትት።

ዓወት ንሓፋሽ !

ህዝባዊ ርክባት
ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ

ኤርትራ ኣብ ውድድር ብሽክለታ ኦሎምፒክ ለንደን 2012

ናይ ልዕሊ 70 ዓመታት ወርቃዊ ታሪኽ ሰኒዱ ዝርከብ ስፖርት ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ከም መቐጸልታ ናይቲ ካብ መፋርቕ

ዕለት፣- 03-10-2012

ናብ፣- ሚኒስትሪ ዜና
ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ / ምድላው መደባት ስፖርት/

ኤርትራ ኣብ ሃገረ ጃፓን ሰፊሕ ዝርግሐ ካብ ዘለዎ ኣብ ምምዕባል ስፖርትን ቱሪዝምን ዝነጥፍ ክለብ ቅድድም ብሽክለታ ( Japanese Adventure Cycling Club ) ብዝቐረበላ ዕድመ ኣብቲ ኣህጉራዊ ምሕዝነት ንምድልዳል ዝዳሎ መደብ ዝሳተፍ ኣርባዕተ ዝኣባላቱ ጉጅለ ስፖርታውያን ቅድድም ብሽክለታ ናብቲ ሃገር ልኢኻ።

እዛ ንተቐዳደምቲ ሚኪኤል ትኩእ፣ ኣኽሊሉ ሃይለ፣ ወሓዚት ኪዳነን ዮርሳሌም ገብሩን ዝሓቘፈት ጉጅለ ኣብ ጃፓን ኣብ እትጸንሓሉ መዓልታት ናብ ዝተፈላለዩ ቱሪዝማዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ቦታታት ስፖርታዊ ዑደት ብምክያድ ሓድሕድ ተመኩሮታት ክትለዋወጥን ብመንገዲ'ቲ እትፍጽሞ ስፖርታዊ ዑደት ድማ ኤርትራ ንእትውንኖ ሃብታም ስፖርታዊን ቱሪዝማዊን ጸጋታትን ብዝሑነትን ንምልላይ ከምእትሰርሕ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ጃፓናዊ ክለብ ቅድድም ብሽክለታ ( Japanese Adventure Cycling Club ) ኣብ ሕዳር 2007 ኣብ ኤርትራ ተመሳሳሊ ስፖርታዊን ቱሪዝማዊን ዑደት ፈጺሙ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።

**ዓወት ንሓፋሽ !**

**ህዝባዊ ርክባት**
**ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ**

**03-10-2012**

**ናብ፣- ሚኒስትሪ ዜና**
**ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ / ምድላው መደባት ስፖርት/**

**ጉዳይ፣- ተሓታትነት ምትራፍ ሃ/ጋ/ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ካብ ሻምፕዮና ዓለም 2012 ዝምልከት**

**ሰላምታ ነቕድም፣**

ብምቕጻል ብዓርቢ 21 መስከረም 2012 ኣብ ምሸታዊ ዜና ኤሪ-ቲቪ ንምትራፍ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ካብ ሻምፕዮና ዓለም 2012 ብዝምልከት ኣሰልጣኒ ሙሴ ኣስሄል ዝርዝር ኣስማት ኣብቲ ውድድር ዝሳተፉ ተቐዳደምቲ ደንጒዩ ( ኣብ ዕለት 03 መስከረም 2012 ) ብምቕራቡ ምንባሩ ዝገልጽ መብርሂ ብክፍሊ ምክትታል ኮሚቴ ኦሎምፒክን ሃገራውያን ፌደረሽናት ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ ቀሪቡ ምንባሩ ዝዝከር ኮይኑ፣ ድሒሩ ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ ነቲ ዘጋጠመ ፍጻሜ ብደቂቕ ንምጽራይ ሓለፍቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ዝተረኽብሉ ብዕለት 26 መስከረም 2012 ኣብ ዘካየዶ ሰፊሕ ገምጋም ኣሰልጣኒ ሙሴ ኣስሄል ዝርዝር ኣስማት ተቐዳደምቲ ብዕለት 10-08-2012 ከምዝቐረበን ኣብ ምትራፍ ካብቲ ዓለማዊ ውድድር ተሓታቲ ከም ዘይኮነ ኣረጋጊጹ ኣሎ።

ስለዝኾነ እቲ ኣቐዲሙ ክፍሊ ምክትታል ኮሚቴ ኦሎምፒክን ሃገራውያን ፌደረሽናት ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ ካብ ቤ/ጽ. ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ንዝረኸቦ ሓበሬታ ዝርዝር ኣስማት ተቐዳደምቲ ዝቐረበሉ ጌጋ ዕለት ምርኩስ ብምግባር ንኣገልግሎት ቴሌቪዥን ኤርትራ ዝሃቦ ንምትራፍ’ታ ሃገራዊት ጋንታ ንኣሰልጣኒ ሙሴ ኣስሄል ሓላፍነት ዘሰክም ሓበሬታ ክእረምን እቲ ጉድለት ብሰንኪ ናይ ኣሰራርሓ ጸገማት’ቲ ፌደረሽን ዝተኸስተ ምዃኑን ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ክሕበርን ንሓትት።

ዓወት ንሓፋሽ !

ኮሎኔል ሰለሙን ስዩም
ሓላፊ ምክትታል ኮሚቴ ኦሊምፒክን
ሃገራውያን ፌደረሽናትን

-------------------------------

ቅዳሕ፣- - ንቤ/ጽ. ሃገራዊ ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ
- ንኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣቶ ሙሴ ኣስሄል

| ምሉእ ስም | ዕ/ልደት | ቁ/መንነት | ቁ/ብረት | ኀደና | ብሎክ | ዚፕ | ቁ/ገዛ | ዙርያ | ተወ/ሓበሬታ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ድራር ፍሰሃየ ተኽልዝጊ | 1974 | 0048703 | | ኣበነህ | | 189 | 37/39 | 1 ይ | |

To- Damkalia Foot-ball Club Coach Abdelqawi

Caf – Licence "C" coaching Course Pictures
May-June 2012

© Dirar Fessahaye

ዕለት፣- <u>08-10-2012</u>

ናብ፣- ሚኒስትሪ ዜና
      ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ /መደባት ስፖርት/

## <u>ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ስልጠና ዳንነት ሂቡ</u>

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ከም ኣካል ናይቲ ሞያዊ ዓቕሚ ዳንነት ሃገርና ንምምዕባል ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፣ ካብ መላእ ሃገር ንዝተዋጽኡ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ዳንነት ማዕርግ ንዝነበሮም ደያኑ ናብ ፌደራል ዳንነት ዘሰግር ስልጠና ብሃገራውያን ኢንስትራክተራት ዳንነት ካብ 1-5 ጥቅምቲ 2012 ኣብ ኣስመራ ሂቡ።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ሓለፍቲ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝተረኸብሉ ስልጠና እቶም ብሃገራውያን ኢንስትራክተራት ዳንነት ኣቶ ብርሃነ ኣተሽምን ኣቶ ሳምሶን በየነን ከምኡ'ውን ብኢንስትራክተር ኣካላዊ ብቕዓት ኣቶ ክብሮም ነጋሽን ኣቶ ኪዳነ ብርሃነን ናይ ክልሰ-ሓሳብን ግብርን ስልጠናታት ዝወሰዱ ክልተ ደቀንስትዮ ዝርከባኦም 18 ደያኑ፣ ነቲ ዝቐሰምዎ ሞያ ኣብ መጻኢ ብግብራዊ ስራሕ ብምምዕባል ኣብ ዳንነት ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻእ ብዝለዓለ ክዋስኡ መዘኻኸሪ ቀሪቡ። ወኪል ሰልጠንቲ ብወገኑ እቲ ዝቐሰምዎ ስልጠና ኣብ ምዕባይ ሞያኦም ዝህልዎ ተራ ልዑል ምዃኑ ብምምልካት ነቲ ስልጠና ብልዑል ተገዳስነት ንዝሃቡ ኢንስትራክተራትን ኣወሃህድት'ቲ ናይ ስልጠና መደብን ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።

ኣብ መዛዘሚ ሰልጠንቲ ዝተዳለወሎም ወረቐት ምስክር ተሳታፍነት ካብ ኢድ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ተስፋይ ገብረየሱስን ካልኦት ሓለፍቲን ኢንስትራክተራትን ተቐቢሎም።

ዓወት ንሓፋሽ !

ህዝባዊ ርክባት
ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ

ዕለት፣- <u>06-10-2012</u>

ናብ፣- ሚኒስትሪ ዜና
ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ /መደባት ስፖርት/

ኮሚሽን ስፖርት ኤርትራ ንሃገራውያን ጋንታታት ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ዘገልግላ ዘመናውያን መቀዳደሚ ብሽክለታታት